# ሄፓታይተስ ቢ ቅልጡፍ ሓቅታት

ኩሉ ክትፈልጡዎ ዘለኹም ኣብ 2 ደቒቕ ወይ ትሕቲኡ!

## ሄፔታይተስ ቢ እንታይ እዩ?

ሄፔታይተስ ቢ ኣብ ዓለም እቲ ዝበዝሐ ናይ ጸላም ከብዲ ረኽሲ እዩ። ብሰንኪ ቫይረስ ሄፔታይትስ ቢ (HBV) ዝመጽእ ኮይኑ፣ ንዋህዮታት ጸላም ከብዲ ዘጥቅዕ ኮይኑ ናብ cirrhosis (በሰላ)፣ ድኻም ጸላም ከብዲ ወይ መንሽሮ ጸላም ከብዲ ከስዕብ ይኽእል።

ዝበዝሑ ጥዑያት ሰባት ምስ ዓበዩ በቲ ቫይረስ ዝተለኽፉ ሰባት ነቲ ረኽሲ ክምክቱዎን ነቲ ቫይረስ ካብ ደሞም ከጽርዩን ይኽእሉ እዮም። እዚ ክሳብ 6 ወርሒ ክወስድ ይኽእል እዩ፣ ኣብዚ ግዜ ድማ ንካልእ ሰብ ክለኽፉ ይኽእሉ እዮም። እቲ ዘሕዝን ግን ፣ ዕሸላትን ንኣሽቱ ህጻናትን ንHBV እንተተቓሊዖም ሕዱር (ንዕድመ ምሉእ) ረኽሲ ናይ ምምዕባል ዝለዓለ ሓደጋ ኣለዎም።

ብገምጋም 5-10% ካብ ዓበይቲ፣ 30-50% ካብ ህጻናት፣ ከምኡውን 90% ዕሸላት ነቲ ቫይረስ ክቃለሱ ስለዘይክእሉ ሕዱር ረኽሲ ከማዕብሉ እዮም። ብሕዱር ሕማም ዝተለኽፉ ሰባት ነቲ ቫይረስ ናብ ካልኦት ከመሓላልፍዎ ይኽእሉ (ዋላ'ውን ምልክታት ሕማም እንተዘይብሎም) ኣብ ዳሕራይ ዕድሚኦም ድማ ሕማም ጸላም ከብድን መንሽሮ ጸላም ከብድን ናይ ምምዕባል ሓደጋኦም ዝለዓለ እዩ።

እቲ ጽቡቕ ዜና ግና ሄፔታይተስ ቢ ብውሑስን ውጽኢታውን ዝኾነ ክታበት ክከላኸል ከም ዝኽእል እዩ። ነቶም ምስ ሕዱር ሄፔታይተስ ቢ ዝነብሩ ሰባት እውን ውጽኢታዊ ፍወሳታት ኣለዉ።

## ሄፔታይተስ ቢ ብቁጽሪ

**ኣብ ዓለም፡-**

- 1.5 ሚልዮን ክለኽፉ እዮም
- ኣብ መላእ ዓለም 296 ሚልዮን ሰባት ብሕዱር ሕማም ሄፓታይተስ ቢ ተለኺፎም ኣለዉ
- ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት 820,000 ሰባት ይሞቱ - ኣብ ነፍሲ ወከፍ 30 ካልኢት 1 ሰብ - ከም መንሽሮ ጸላም ከብዲ ዝኣመሰሉ ጸገማት ናይ ሄፔታይትስ ቢ

**ኣብ ኣሜሪካ፡-**

- ብውሑዱ 20,000 ሓደሽቲ ሰባት ክለኽፉ እዮም
- ክሳብ 2.4 ሚልዮን ኣሜሪካውያን ብሕዱር ሕማም ሄፔታይትስ ቢ ዝተለኸፉ እዮም
- ኣሽሓት ኣሜሪካውያን ብሰንኪ ሄፔታይትስ ቢን ሕልኽላኻቱን ከም መንሽሮ ጸላም ከብዲ ይሞቱ

## ሄፔታይትስ ቢ ምኽልኻል ይኽኣል ድዩ?

እወ! ብዛዕባ ውሑስን ውጽኢታውን ክታበት ሄፔታይትስ ቢ ንሓኪምኩም ሕተቱዎ ከምኡዉን ንገዛእ-ርእስኹምን ንእትፈትዎም ሰባትን ንዕድመ ምሉእ ተኸላኸሉ። እቲ Centers for Disease Control & Prevention (CDC፣ ማዕከል ቊጽጽርን ምክልኻልን ሕማም) ኩሎም ዕሸላት፣ ህጻናት፣ ዓበይቲ ክሳብ 59 ዓመት ዝዕድሚኦም ከምኡውን ዓበይቲ 60 ዓመትን ልዕሊኡን ንረኽሲ ልዑል ሓደጋ ዘለዎም ክታበት ሄፔታይትስ ቢ ክወስዱ ይመክር። ካብ ኣሜሪካ ወጻኢ፣ World Health Organization (ውድብ ጥዕና ዓለም) ኩሎም ዕሸላት፣ ህጻናት፣ መንእሰያት ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦምን ልዑል ሓደጋ ዘለዎም ዓበይትን ነቲ ክታበት ክወስዱ ይመክር። ንዕድመ ምሉእ ዝኸውን መከላኸሊ ውሑድ ክታበት ጥራይ ከም ዝወስድ ኣይትረስዑ!

Hepatitis B Foundation ኣብ መላእ ዓለም ብሄፔታይትስ ቢ ዝተጠቕዑ ሰባት መድሃኒት ንምርካብን ጽሬት ህይወት ንምምሕያሽን ዝውፈ ሃገራዊ ንመኽሰብ ዘይሰርሕ ትካል እዩ።

**www.hepb.org | 215-489-4900**

# ሄፔታይትስ ቢ ብኸመይ እዩ ዝመሓላለፍ?


ሄፔታይትስ ቢ ብዝተለኸፈ ደምን ፈሳሲ ኣካላትን እዩ ዝመሓላለፍ። እዚ ድማ ብቐጥታ ምትንኻፍ ደምን ብዘይዉሑስ ጾታዊ ርክብ፣ ዘይሕጋዊ ኣጠቓቕማ ሓሸሽ፣ ከምኡውን ካብ ሓንቲ ዝተለኸፈት ሰበይቲ ናብ ሓድሽ ዝተወልደ ውላዳ ይመሓለፍ ኣብ እዋን ጥንሲ ወይ ሕርሲ ከጋጥም ይኽእል።

**ሄፔታይትስ ቢ ብኸምዚ ዝስዕብ ክላባዕ ይኽእል:-**

- ቀጥታዊ ርክብ ምስ ዝተለኸፈ ደም
- ዘይዉሑስ ጾታዊ ርክብ
- ረሳሕ ወይ ዘይተጻረየ መርፍእ (IV ኣጠቓቕማ መድሃኒት፣ ንቅሳት/ ምውጋእ መርፍእ)
- ምስ ዝተለኸፈ ሰብ ኣብ ገዛ ምንባር ዝተለኸፈት ሰበይቲ
- ናብ ሓድሽ ዝተወልደ ውላዳ ይመሓለፍ ኣብ እዋን ጥንሲ ወይ ሕርሲ
- መላጸን ብራሽ ስኒን መቐረጺ ጽፍሪን ሽምዓን ወይ ስልማት ኣካላት ምስ ዝተለኸፈ ሰብ ምክፋል
- ካብ ዝተለኸፈ ሰብ ዝነኸሶ ሰብ
- ኣብ ወሰን ጽርግያ ሓካይም ስኒን ሓካይምን ጸጉሪ ርእስን ዝጥቀሙሉ ዘይተጻረዩ መሳርሒታት

**ሄፔታይትስ ቢ ብኸምዚ ዝስዕብ ክላባዕ ኣይክእልን:-**

- ኣብ ምዕጉርቲ ወይ ከንፈር ምስዓም
- ምስዓል ወይ ምሕንጣስ
- ተራ ርክብ ከም ምሕቋፍ፣ ኢድ ምጭብባጥ፣ ወይ ኢድ ምንቕናቕ
- ብሓደ ዝተለኸፈ ውልቀሰብ ዝተዳለወ መግቢ ምብላዕ ወይ ምስ ዝተለኸፈ ውልቀሰብ ምግቢ ምብላዕ



# መን እዩ ንሄፓታይተስ ቢ ዝያዳ ሓደጋ ዘለዎ?

- ብ HBV ካብ ዝተለኸፉ ኣዴታት ዝውለዱ ህጻናት
- ምስ ሓደ ብሕዱር ሕማም ዝተለኸፈ ውልቀሰብ ብቐረባ ኣብ ገዛ ዝነብሩ ሰባት
- ካብ HBV ዝሰፈነላ ሃገር ዝተረከቡ ህጻናት
- ኣብ ውሽጢ 6- ወርሒ መከላኸሊ ዘይብሉ ጾታዊ ርክብ ዝፍጽሙ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ጾታዊ መጻምድቲ ዝሕዙ ውልቀሰባት
- ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማም (STD) ከምዘለዎም ዝተረጋገጸ ሰባት
- ምስ ደቂ ተባዕትዮ ጾታዊ ርክብ ዝፍጽሙ ደቂ ተባዕትዮ
- መርፍእን ስሪንጋታትን ዝካፈሉ ውልቀሰባት
- ወሃብቲ ክንክን ጥዕናን ህጹጽ ረድኤትን ዝህቡ ሰባት
- ዳያሊሲስ ኩሊት ዝገብሩ ሰባት
- ኣብ ትካላዊ ምድላው ዝነብሩ ወይ ዝሰርሑ ውልቀሰባት፣ ከም ቤት ማእሰርቲ ወይ ናይ ጉጅለ ገዛ

# ተወሳኺ ምንጭታት ሄፔታይትስ ቢ (ብእንግሊዝኛ)

- Hepatitis B Foundation: http://www.hepb.org
- CDC Division of Viral Hepatitis (ክፋል ቫይራል ሄፓታይተስ):- https://www.cdc.gov/hepatitis/
- World Health Organization: http://www.who.int/mediacentre/factsheets/fs204/en/
- Immunization Action Coalition: http://www.immunize.org